# ሓጺር ታሪኽ ሕጋዊ መኸተ

# ህዝቢ ኤርትራ ብኣጋጣሚ

# ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ

# V



ሰለሙን በርሀ

ቅድሚ 30 ዓመታት፡ ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ዝነበረ መዓልታት፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን፡ ነቲ መሪር ቃልሲ ኣሕሊፉ፡ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፡ ብኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ዘረጋገጾ ዘይግሃስ ሰብኣዊን ሃገራዊን መሰሉ፡ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ፡ ረፈረንዱም ብምክያድ፡ ብ99.8% ድምጺ ሕጋውነቱ ደጊሙ ዝኾልዓሉ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ከም ህዝቢን ሃገርን ብዕሊ ዘረጋገጸሉ፡ ፍስሃ ወ ሰላም ዝዓሰሎ ታሪኻዊ ቅንያት እዩ ነይሩ። ናጽነት ኤርትራ፡ ብዘይፍትሓዊ ውሳነ ብዓሎቕ ንምጉዕጻጹ ተፈቲኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብመሪሕ ውድብ ህ.ግ.፡ ተቓሊሱ፡ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ ናብ ልክዕ መስመሩ ዝመለሶ ብምኳኑ፡ ብዘይ ረፈረንዱም እውን ሕጋዊ'ዩ። ረፈረንዱም ከኣ፡ ነቲ ህ.ግ. ብብረት ዘምጽኦ ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ብድምጹ ኣጽዲቑ፡ ሕጋውነት ልኡላውነቱ ደጊሙ ዝኾልዓሉን ዝደርዓሉን ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመ እዩ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ናብዚ ታሪኻዊ ዕለት ንምብጻሕ ዝተሓልፈ ታሪኽ ንምዝኽኻር፡ ካብ ኣመጻጽኣ

ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ ጀሚራ ክሳብ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ዝሓለፎ መድረኻት ብሓጺር ኣገላልጻ ኣቕሪባ ነይራ። ዝቕጽል ጽሑፍና፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ልኡላውነት ኤርትራ ንምቕልባስ ዝተኻየደ ሃቐነን መኸተ ህዝቢ ኤርትራን ዝምልከት እዩ።

ደግሲ ዓመጽ ግጭት ኢትዮ-ኤርትራ ቅድሚ ምውልዑ ዝነበረ ሸውዓተ ዓመታት (1991-1998)፡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሰሪ ግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ኣብ ልዕሊኦም ዝተስገደደ፡ ከቢድ ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ዘስዓበሎም፡ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ረጽሚ ሰጊሮም፡ ብመጠኑ ቅሳነት ረኺቦም ፍረ ሰላምን ጥዑይ ዝምድናን ከስተማቕሩ ዝጀመሩሉ እዋን'ዩ ነይሩ። ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ ድሕሪ 30 ዓመት መሪርን ደማዊን ኩናት፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ክምዕብል ጀሚሩ ዝነበረ ጽቡቕ ዝምድና ብዝምልከት ተሓቲቱ ምላሽ ኣብ ዝሃበሉ ከምዚ ኢሉ ነይሩ። "ጉርብትና ህዝብታት እንተፈቶኻ እትቀራረበሉ፡ እንተዘይደሊኻ ኣርሒቕካ እትኸደሉ ጉርብትና ናይ ገዛ ኸራይ ኣይኮነን። ስለዚ ንጉርብትና ህዝብታት ከም ምርቓ ወሲድካ ብስኒት ብሓባር ካብ ምንባር ወጻኢ፡ ካልእ ኣማራጺ መተካእታ ዘለዎ ኣይኮነን...." ቃላት ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ምርግጋጽ ናጽነት፡ ኣብ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ዝነበረ ሰናይ ድሌትን ቅኑዕ ባህግን ዘጉልሕ እዩ። በዚ መንፈስ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ዝተፈጸመ ዓመጽን መሪር ግፍዒታትን ካሕሳ (5ይ ክፋል) ክሓትት ግቡእ እኳ እንተነበረ፡ ንቕድሚት ብምጥማት፡ ሕሉፍ በደላት ገዛእቲ ኢትዮጵያን ምዕራባውያን ደገፍቶምን ንታሪኽ ገዲፉ፡ ዞባና ናብ ሓድሽን ትስፉውን መድረኽ ዝኣትወሉ ባይታ ንምፍጣር ሃናጺ ተበግሶታት ክወስድ ጀሚሩ። ኢትዮጵያ ወደባት ኤርትራ ብናጻ ክትጥቀም ኣብ ርእሲ ምፍቃድ፡ ክልቲኦን ሃገራት ሓባራዊ ኮሚሽን ሚኒስተራት ብምቛም፡ ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ዝተሓጋገዛሉ ባይታ ክፈጥራ ኣበርቲዑ ሰሪሑ። ንኣስታት ፍርቂ ዘመን ንዞባና ዝሓመሰ፡ ዘይምርግጋእ ተወጊዱ፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ክንዲ ዞባ ውግእን ወረ ውግእን፡ ዞባ ልምዓትን ሓባራዊ ምትሕግጋዝን ዝኾነሉ ባይታ ንምጥጣሕ ከኣ፡ ንሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ ብኣባልነት ዝሓቍፍ ውድብ ኢጋድ ዝነጥፈሉ ዝነበረ ውሱን ዕላማታት ዝያዳ ንኽሰፍሕ ብምድራኽ፡ ዞባዊ ልምዓት ዘወሃህድ ውድብ ክኸውን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይሩ።

መንግስቲ ኤርትራ ብዘይካ'ዚ፡ ቅልውላዋትን ዘይምርግጋእን ኣብ ዶባት ሓንቲ ሃገር ተሓጺሩ ዘይተርፍ፡ ንሃገራት ጎደቦ እውን ብኣሉታ ዝጸሉ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላዋትን ግጭታትን ዞባና፡ (ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ፡ ሱዳን፡ ሶማል፡ የመንን ካልእ ከባቢታትን) መፍትሒ ንኽረክብ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ሃናጺ ጻዕርታት ካብ ምክያድ ኣይተቖጠበን። ብዞባ ደረጃ እዚ ዝተጠቕሰ ሃናጺ ተራ እናተጻወተ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር እውን፡ ፍትሓዊን ኣሳታፊን ፖለቲካዊ ስርዓት ብምፍጣር፡ ካብ ካልኦት ህዝብታት ኣፍሪቃ ብዝተፈልየ፡ ልዑል ፖለቲካዊ ስኒትን ሃገራዊ ሓድነትን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ጸጥታን ሰላምን ከረጋግጽ ክኢሉ'ዩ። በዚ ድማ ኤርትራ፡ ኣብተን ቀዳሞት ሸውዓተ ዓመታት ናጽነት፡ ብብዙሓት ተዓዘብቲ፡ ቀንዴል ተስፋ ኣብዚ ጸልማት ኣህጉር ተባሂላ ክትስመ ጀሚራ ነይራ። ኤርትራ፡ ኣብ ቁጠባ እውን፡ ንሓደገኛ ሳዕቤናት ወልፊ ረድኤት ከሎ ገና ተገንዚባ፡ ርእሰ ምርኰሳ ብምምራጽ፡ ግዳማዊ ምጽወታ ዘይኮነ ሽርክነት ዕላማኣ ብምግባር፡ ዓቕሚ ህዝባን ውሽጣዊ ጸጋታታን ወዲባ ኣብ ከቢድ ልምዓታዊ ዕዮ ብምጽማድ፡ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ሸውዓተ ዓመታት፡ በሰላታት ኲናት ብቕልጡፍ ኣሕውያ፡ ኣብ መወንጨፊ ባይታ ንስሉጥ ምዕባለ ክትረግጽ ተቓሪባ ነይራ። የግዳስ፡ እዚ ኣብ መትከል ርእሰ ምርኰሳ ዝሰረተ፡ ንፖለቲካዊን ቁጠባዊን ተጽዕኖን ምትእትታውን ግዳማውያን ሓይልታት ዘይድግፍ መርገጺ ኤርትራ፡ በቶም ጸጋታት እንዳማቶም ምምንዛዕ ዝለመዱ ወገናት ኣይተፈትወን። ኣብ ርእሲ'ቲ "ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓና ኣየገልግልን'ዩ" ዝብል ጸኒሕ ፖሊሲ ምዕራባውያን ከኣ፡ እዚ ጽግዕተኛነት ወጊድ ኢሉ፡ ንግዳማዊ ምትእትታውን ጸቕጢን ዘይርዕም ኣካዪዳ፡ ናይዛ ሓዳስ ሃገር ኤርትራ ክርሃት ምፍጣሩ ኣይተረፈን። እቲ ኣብ ግንቦት 1998 ብዶብ ተሳቢቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተኣወጀ ወራር እምበኣር፡ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት'ዚ ባርኾት ምዕራባውያን ዝነበሮ እዩ። ንኲናት ዝሃወጸ ሻቕሎት ብድሕረት፡ ጽልኢ፡ ነብሰ-ምትሓት፡ ቂምን ሕነ ምፍዳይን ዝተመረዘ ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣእምሮ፡ ስልጣን ምስ ዝጭብጥ፡ ካብ ረብሓ ህዝቢን ሃገርን ንላዕሊ ጥሙሑ ስለዘገድሶ፡ ብግጉይ ቅማረታት ገዚፍ ሓደጋ ዘኸትል ስጉምቲታት ክወስድ፡ ኣብ ታሪኽ ተደጋጊሙ ዝተራእየ እዩ።

ጠንቂ ናይቲ ኣብ ግንቦት 1998 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተኣወጀ ዘይምኽኑይ ኲናት ከኣ፡ ብቐንዱ እዚ ዝተጠቕሰ ሕሙም ኩነት-ኣእምሮ መራሕቲ ወያነ እዩ ነይሩ። ዓመተ 1997 ብመዳይ ቁጠባ፡ ኤርትራ፡ ናብ ሓደ ዓቢን ኣገዳሲን

ምዕራፍ ብምስግጋር፡ ኣብ ታሪኽ ንፈለማ ግዜ ሃገራዊ ባጤራ ኣሕቲማ ኣብ ስራሕ ዘውዓለትሉ መድረኽ'ዩ ነይሩ። እዚ ፍጻመ'ዚ፡ ኤርትራ ብናታ ፊስካላዊ ፖሊሲ ገስጋስ ቁጠባኣ ከተማእዝን ዘኽእላ ብምንባሩ፡ ነቲ ብቅልጽምን ድምጺን ህዝቢ ዝተረጋገጸ ፖለቲካዊ ናጽነት ኤርትራ ብቁጠባዊ ናጽነት ዝድርዕ ኣገዳሲ ታሪኻዊ ምዕራፍ እዩ ነይሩ። ቀቅድሚ ምእዋጅ ባጤራ ኤርትራ፡ ኣብ መራሕቲ ስርዓት ወያነ ዝተራእየ ሸበድበድን፡ ናይ ምትዕንቓፍ ተግባራትን ከኣ፡ ኤርትራ ብቑጠባ ጽግዕተኛ ኢትዮጵያ ኮይና ክትቅጽል ዝነበረ ሕቡእ ኣጀንዳ ብምዝራጉ ዝተፈጥረ ስግኣት ዘንጸባርቕ እዩ ነይሩ። እዚ ክስተት'ዚ ንወያነ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቶም ብዓንተቦኡ ናጽነት ኤርትራ ምውሓጡ ዝዓርዓሮም፡ ሓይልታት እውን ዘቕስን ኣይነበረን።

ካብ 1995 ጀሚሩ፡ ወያነ ብምትብባዕ ደገፍቱ፡ ነቲ ኣብ ልምዓት ተጸሚዱ፡ ሰፋሕቲ መደባት ኣብ ምስልሳል ዝነበረ መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ መስመሩ ብምውጻእ፡ ናብ ሰፊሕ ኲናት ንምሽማሙ ኣብ ዝዳለወሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ዶባት ዝነብሩ ኤርትራውያን ካብ ዓድታቶም እናፈናቐለ ናይ ምብራር፡ ኣብ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ሰራዊት ናይ ምስፋር ተኹታኺ ተግባራት ይፍጽም ነይሩ'ዩ። እዚ እናኾነ ግዳ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብቲ ነዊሕ ሓርነታዊ ኲናት ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተመስረተ ናይ ቃልሲ ምሕዝነት፡ ከምኡ'ውን ድሕሪ ናጽነት ክምዕብል ዝጀመረ ሰናይ ጉርብትና ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ብምስጋእ፡ ወያነ ንዘካይዶ ዝነበረ ምትኹታኹ ብዓቕልን ልቦናን ሓላፍነታዊ መንፈስን እዩ ሒዝዎ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓቂ “ናይ ዶብ ጸገም ኣሎ” ዝበሃል እንተኾይኑ፡ ብልዝብ ምእንቲ ክፍታሕ ድማ፡ ነቲ ጉዳይ እትከታተልን ፍታሕ እተናዲን ኮሚተ ክትቀውም ደሪኹ። ጉዳይ ወያነን ደገፍቱን ግን፡ ብዓቢኡ ነቲ ኣዝዩ ትስፉው ጉዕዞ ኤርትራ ምኹላፍ እምበር ጉዳይ ዶብ ኣይነበረን። ክንዲ ዝኾነ፡ እታ ብጠለብ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ዶብ ሽግር ንምፍታሕ ዝቑመት ኮሚተ ብዝሓዘቶ ቆጸራ መሰረት፡ ልኡኽ ኤርትራ ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ዝኣተወሉ ዕለት፡ ማለት ብ6 ግንቦት 1998 ኣብ ከባቢ ባድመ፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ተፈጸመ።

ድሕሪ'ዚ ፍጻመ'ዚ እውን እንተኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ እቲ ግጭት ከይተዋዓውዐ፡ ብቕልጡፍን ስቱርን መገዲ ክግታእ ብዙሕ ጽዒሩ እዩ። ወያነ ግን፡ ብኣንጻር'ቲ ንልዝብ ዝዕድም ዝነበረ ምሕጽንታታት መንግስቲ ኤርትራ፡

ብ13 ግንቦት 1998፡ ነቲ ቅድሚኡ ኣብ ዶብ ብዛዕባ ዝነበረ ኩነታት ዋላ ሓንቲ ሓበሬታን ኣፍልጦን ዘይነበሮ ፖርላማኡ ብምእካብ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብወግዒ ኲናት ኣወጀ። ኣብ ጽባሕ ናይዚ ሃንደበታዊ ኣዋጅ ኲናት፡ ብ14 ግንቦት 1998 ህጹጽ ኣኼባ ዘካየደ ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ብወግዒ ዝተኣወጀ ኲናት ከም ልሙድ መልሰ ግብሪ ናይ ሃገራት ብኣዋጅ ኲናት ኣይመለሰሉን። ኣብ ክንድኡ ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ ብህዱእን ዓቃልን መንፈስ፡ እዚ ዝስዕብ ናይ መፍትሒ እማመታት እዩ ኣቕሪቡ፡- 1) ጉዳይ ዶብ ብሰላማዊን ሕጋዊን መገዲ እምበር ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክፍታሕ ስለዘይክእልን ዘይግባእን፣ ሓይሊን ስነ-ሞጎት ሓይሊን ተወጊዱ፣ ንምፍትሑ ብቕልጡፍ ሳልሳይ ኣካል ዝሳተፎ ዘተ ክግበር፣ 2) ዘየድሊ ጎንጺ ንምውጋድ፡ ዶባት ክልቲኣን ሃገራት ንግዜኡ ካብ ወተሃደራዊ ህላወ ናይ ክልቲኡ ወገን ናጻ ኮይኑ ተዓዚብቲ ክኣትውዎ፣ 3) ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት ብኣሃዱ ካርቶግራፊ ሕቡራት ሃገራት ምምልካት ዶብ ክግበር፣ እዚ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ፈለማ ዘቕረቦ ቅኑዕን ሕጋዊን መፍትሒ ሓሳባት፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ተቐባልነት ረኺቡ እንተዝነብር፡ ከም ሳዕቤን ናይቲ ኲናት ኣብ ህዝብታት ክልቲኣን ሃገራት ዝወረደ ገዚፍ ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ኣይምሰዓበን። ጉዕዞ ልምዓት ክልቲኦም ህዝብታትን ሰላምን ምርግጋእን ዞባናን ድማ ኣይምተዘርገን። ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኲናት ምስ ኣወጀ፡ እቶም ህዝብታት ኣናቖትካን ግጭታት ኣጕሂርካን ቅልውላዋት ምምሕዳር ዝለመዱ ምዕራባውያን ንምትእትታው ባብ ተራሕወሎም።

ምምሕዳር ኣመሪካ ብኡ ንብኡ ሽምጋሊ መሲሉ ነቲ ኲናት ከንበድብዶ ተራእየ። ናይ ሽዑ ተሓጋጋዚት ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ሱዛን ራስይ መሰነይታ ዝኾንዋ ልኡኻት ሩዋንዳ ኣብ ጎና ኣሰሊፋ፡ ሰላማዊ ፍታሕ ምርሓቕ ዝዕላማኡ ናይ ሽምግልና መገሻታት ተታሓሓዘቶ። “ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታት፡ ተኣፋፊ እዩ፣ ኢትዮጵያ በዚ ኲናት'ዚ ክትበታተን ትኽእል'ያ” ብዝብል ምኽኒት ድማ፡ መንግስቲ ኤርትራ ዘይርትዓዊን ዘይከኣልን ሕድገታት ክገብር እናሓተተት፡ ነቲ ብቐሊሉ፡ ኣብ ሕጋዊ መጋባኣያ ክፍታሕ ዝኽእል ዝነበረ ጉዳይ ዝያዳ ሓላሊኻቶ። ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ሰነ 1998፡ ኣብ ኡጓዱጉ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃ ተረኺቡ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ንኤርትራ ዝኹንን ህዉኽ ውሳነ ከሕልፍ ደፋፊኣ። ግን ኣይተዓወተትን። ጎኒ ጎኒ'ዚ ዲፕሎማሲያዊ መናውራታት፡ ወራሪ ሰራዊት ወያነ ብሸነኽ ዛላምበሳን ቡሬን ካልእ ከባቢታት ኤርትራን መጥቃዕቲ

ክፍጽም እንከሎ፡ ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ዜጋታቱ ጥራይ ዘይኮነ ካልኦት ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ዲፕሎማሰኛታት ካብ ኤርትራ ክወጹ ይድርኽ ነበረ። በዚ ምድፍፋኣት'ዚ፡ እቲ ብዶብ ዝተሳበበ ኲናት ካብ መሬት ሓሊፉ ናብ መጥቃዕቲ ኣየር ተሰጋገረ።

ብ5 ሰነ 1998 ድማ ኣስመራ ብነፈርቲ ኲናት ጃንዳ ወያነ ተደብደበት። ይኹን'ምበር ቅጽበታዊ ግብረ መልሲ ናይቲ ውልዶ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንወያነን ደገፍቱን ዘርዓደ'ዩ ነይሩ። መጥቃዕቲ ኣየር እንተቐጺሉ፡ ኢትዮጵያ ክትግዳዕ ምኳና ብምግምጋም ከኣ፡ ፕረዚደንት ቢል ክሊንተን፡ ግዝያዊ ስምምዕ ምቁራጽ መጥቃዕቲ ኣየር (ሞራቶርዩም) ዝብል እማመ ብምቕራብ፡ ክልቲኦን ሃገራት ከፊላዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ክፍራማ ኣገደደን። ኣብቲ እዋን'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ከፊላዊን ግዝያዊን፡ ኣጠቓላሊ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ክግበር'ዩ ጠሊቡ። ምምሕዳር ኣመሪካ ግን፡ “መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኣጠቓላሊ ምቁራጽ ተኹሲ ገና ቅሩብ ኣይኮነን” ብዝብል ምኽንያት ከፊላዊ ስምምዕ ጥራይ ከምዝፍረም ገበረ። ድሕሪ'ዚ፡ ወያነ፡ ነቲ ብግዝያዊ ስምምዕ ምቁራጽ መጥቃዕቲ ኣየር ዝተረኽበ ናይ ግዜ ዕድል መዝሚዙ፡ ብገዚፍ ፋይናንስያዊን ወተሃደራዊን ስለያውን ሓገዝ ምዕራባውያን፡ ኣብተን ዝቐጸላ 9 ኣዋርሕ፡ ንመጠነ ሰፊሕ ወራር ተዳለወ። ድሕሪ ነዊሕን ደማዊን ኲናት ናብ ንቡር ክምለስ ጀሚሩ ዝነበረ ዝምድና ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብምዝራግ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ጎረባብቲ ህዝብታት ጽልኢን ቅርሕንቲን ንምዕማቑ ድማ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝቐመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ብግፍዒ ከባርር ጀመረ። በዚ ኢሰብኣዊ ተግባር'ዚ፡ ኣስታት ኣስታት 80,000 ኣብ ኢትዮጵያ ዝቐመጡ ዝነበሩ፡ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቈል ዝነበሮም ኢትዮጵያውያንን፡ ምሉእ ህይወቶም ሰሪሖም ዘጥረይዎ ንብረት ተመንዚዖም ካብታ ሃገር ብግፍዒ ተባሪሮም፣ ታሪኽ ዘይርስዖ በደል ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ተፈጺሙ።